# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.306 | ሰንበት 23 ነሓሰ 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ቀቢላ ኮይሳን



ገጽ 4



ሳዕቤናት ብከላ ኣየር

ገጽ 5
ሊላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን...



ገጽ 7
ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕቲታት ኤርትራ 2026



## ኣብ ኤርትራ መሃይምነት ንምጥፋእ፡ ናይ 5 ዓመት ስትራተጂካዊ ውጥን ተሓንጺጹ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ መሃይምነት ንምጥፋእ ኩሉ ዜጋ ተረባሒ ዕድላት ትምህርቲ ንምግባሩን ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ንዝተሰላሰለ መደባት ዝገምገመሉ ዓውደ-ዘተ ኣብ ከተማ ከረን ብምኻያድ፡ ካብ 2030 ዝዝርጋሕ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ስትራተጂካዊ ውጥን ስራሕ ሓንጺጹ።

ኣብ'ቲ ካብ 18 ክሳብ 20 ነሓሰ ብደረጃ ሃገር ዝተኻየደ ገምጋማዊ ዓውደ-ዘተ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ትምህርቲ ንዓበይትን ሚድያን ኣቶ ጉብረዝጊ ድማም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኩሉ ዜጋ መሃይምነት ንኸጥፍእን ክንኡ ክስጉምን ብመደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ፡ ዓረየት፡ ምሸታዊ ትምህርትን ኮማዊ ኣብያተ-ንቡብን ዝግበር ዘሎ ወፍሪ ንኽዕወት ብዘለዓለ ይሰራሕ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ተራ መሻርኽቲ ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።



ክሰላሰል ንዝጸንሐ መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ብዕምቈት ብምግምጋም ናይ ዝቕጽል ዓመታት መደብ ስራሕ ንምዕዋት ተመላሊእካ ክስራሕ ብምልባው ድማ፡ ኣብ'ተን ዛጊት ዘይተበጽሓ ከባቢታት መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ብዘለዓለ ክትግበር፣ ኣብ'ተን ዝዘዘማ ደገሲ ከየጋጥም ከኣ ልዑል ኣተኩሮ ክግበር ተላብዩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ መጠን መሃይምነት ኣብ ዝተሓተ ደረጃኡ ንምውራድ፡ ኣብ ምሕያል ምሸታዊ ትምህርቲ፡ ምዕባይ ኮማዊ ኣብያተ-ንቡብ፡ ምፍታሕ ሕጽረት መምህራንን መጽሓፍትን፡ ብዕምቈት ተዘቲዩ።



ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳራት ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ኣብ ዝሃቦ መዘዝሚ ቃል፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ምስ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳራት፡ ሚኒስትሪ ምክልኻልን ካልኦት ናይ ስራሕ መሻርኽቱን ብምውህሃድ ንዝገብሮ ዘሎ ጻዕሪ ብምምጓስ፡ መሪሕ ተራ ዝጻወት መምህር ብምዃኑ፡ መምህራን ሓያል ጻዕሪ ከካይዱ ኣተሓሳሰበ።

## ባጽዕ - ኣብ ምሕያል ተራ ኣሰራሕትን መሻርኽቲ ኣካላት ሃኮሰኤን ዘተኩረ ዓውደ-ዘተ ተኻዪዱ

ብሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ዝተወደበ፡ ኣብ ምሕያል ተራ ኣሰራሕትን መሻርኽቲ ኣካላትን ኣብ ሞያዊ ስልጠናን ምድንፋዕ ኣፍራይነት ሰራሕተኛታትን ዘተኩረ ዓውደ-ዘተ፡ ብ18 ነሓሰ ኣብ ባጽዕ ተኻዪዱ።

ምኽትል ዋና ጸሓፊ ሃኮሰኤ ኣቶ ክብሮኣብ ኪዳነ፡ ኣብ ሓፈሻውን እዋናውን መደባት ከምኡ'ውን ስትራተጂያዊ ቀዳምነታት ኣመልኪቱ መግለጺ ድሕሪ ምሃብ፡ ኣብ መበል 12 ዙርያ ስልጠና ኣተኩሩ ኣማእዚኒ ሓሳባት ኣቕሪቡ።



ሓላፊ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ተስፋይ ግርማይ ብወገኑ፡ ሃኮሰኤ ኣብ መዳይ ሞያውን ቴክኒካውን ስልጠናን ትምህርትን ዘሰላስሎ ዘሎ ንጥፈታት፡ ብመንጽር ሸፈነኡ፡ ውጽኢቱን ፈጢርዎ ዘሎ ጽልዋን መብርሂ ሂቡ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ብዛዕባ ኣብ ዝሓለፈ 11 ዙርያታት ስልጠና ዝተዓመ፡ ብስታትስቲካዊ ሓበሬታ ዝተሰነየ መግለጺ፣ ተራን ኣበርክቶን መሻርኽቲ ኣካላት ዝምልከት ጽብጻብ፣ ከምኡ'ውን ካብ 2026 ክሳብ 2030 ዝትግበር ስትራተጂያዊ ውጥን መግለጺ ቀሪቡ።

ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ኣብ ዝሃበቶ መዛዘሚ ቃል፡ ሃኮሰኤ ብመገዲ ማእከል ሞያዊ ስልጠና ንዝህቦ ዘሎ ስልጠናታት ድሕሪ ምምስጋን፡ ሰልጠንቲ ናብ ትካላቶም ኣብ ዝምለሱሉ፡ ውጽኢትን ጽልዋን ናይ ዝቐሰምዎ ስልጠና ብዓቢኡ ክግምገም ኣዘኻኺራ።

ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት ባጽዕ፡ ኣብ ዝሓለፈ 11 ዙርያታት፡ ብሸውዓተ ሞያዊ ዓውድታት 579 ደቂኣንስትዮ ዝርከባኦም 1,877 ከምዘሰልጠነ ሰነዳቱ የነጽር።

## ሓጋዝ - ኣባላት ባይቶ ዞባ ዓንሰባ ምስ ህዝቢ ዘተ ኣካዪዶም

ኣባላት ባይቶ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ ምዕቃብ ክብርታትን ምውጋድ ሃሰይቲ ልምድታትን ዘተኩረ ዘተ፡ ካብ 18 ክሳብ 20 ነሓሰ ምስ ነበርቲ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ኣካዪዶም።

ኣብ'ቲ ዘተ ዝተላዕሉ ጉዳያት፡ ኣገዳስነት ምዕቃብ ባህልን ክብርታትን፣ ሳዕቤናት ገፋሕቲ ውራያት፣ ምኹስኳስ ብቑዓት መንእሰያትን ምስጋግር ግቡእ ስነ-ምግባርን፣ ሳዕቤናት መርዓ ትሕቲ ዕድመን ክሸቦ ጓል-ኣንስተይትን፣ ምኽፋል ግብሪ መንግስቲ፣ ምሕያል መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን፣ ከምኡ'ውን ካልእ ዛዕባታት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ተመሳሳሊ ርክባት ኣማእዘንቲ ምዃኖም ብምጥቃስ፡ ሽግር ጽሩይ ዝስተ ማይ ፍታሕ ክናደየሉ፣ ጉዳይ ዕደላ ንመንበሪ ዘገልግል መሬት ኣቓልቦ ክወሃቦ፣ ብትሕቲ ዕድመ ዝምርሑ ካሮሳታት ንሓደጋ ይቃልዑ ስለዘለዉ መግትኢ ክግበረሎም፣ ኣብ ሓጋዝ ኣገልግሎት ባንኪ ክዋደድ ዝብልን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣመሓዳሪ ከተማ ሓጋዝ ኣቶ ነጸርኣብ በረኸትኣብ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ዝውጠኑ መደባት ልምዓት ብዘይ ተሳትፎ ህዝቢ ክዕወቱ ስለዘይክእሉ፡ ነበርቲ ኣብ ተጠቃምነት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዕቱባት ክኾኑ ተላብዩ።

ተመሳሳሊ ርክብ ህዝብን ኣባላት ባይቶን፡ ካብ 23 ክሳብ 26 ነሓሰ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ግላስ፡ እንጭናቕን ኢዳምርን ክካየድ'ዩ።

# ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕታት ኤርትራ፡ ኣገዳሲ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ቀሪቡ

ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕታት ኤርትራ 2026፡ ኣብ ዕቤትን ምዕባለን ጽላት ሕርሻ ሃገርና ልዑል ኣገዳስነት ዘለዎ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ከምዝቐረበ፡ ተሳተፍቲ ገሊጾም።

ካብ ትካል ደረጃታት ኤርትራ ኢንጅነር ትምኒት ግርማይ፡ እቲ ዋዕላ - ንክኢላታትን ሞያውያንን ሕርሻ ዝሕግዝ፣ ንሓረስቶት ካብ ልምዳዊ ናብ ስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ንምስግጋር ዘተባብዕ፣ ከምኡ'ውን እቶትን እቶታውነትን ንምዕባይ ጽልዋ ዝፈጥር ከምዝነበረ ሓቢራ።

እቲ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ፡ ኣብ እዋናዊ ኩነታት ሕርሻን ናይ መጻኢ ምዕባለታቱን ዘተኰረ ምንባሩ ፍሉይ ከምዝገብሮ ዝጠቐሰ፡ ካብ ኮሌጅ ዋኒንን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዶ/ር ታደሰ በየነ ብወገኑ፡ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ብቐንዱ ድማ ኣብ ሓረስቶት ጸላዊ ኣበርክቶ ክህልዎ ትጽቢት ከምዝግበር ኣገንዚቡ።



ስእሊ. ሳልህ ዕብደልቃድር

ካብ ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ኤርትራ መንእሰይ ኢሳይያስ ደሳለ ብወገኑ፡ እቲ ወረቓቕቲ መጽናዕቲ ጥራይ ኮይኑ ከይተርፍ፡ ናብ ግብራዊ ዕዮ ተተርጒሙ ኣብ ዕቤት ሕርሻዊ ንጥፈታት ሃገርና ኣስተዋጽኦ ክህልዎ ብዕቱብ ክስራሕ ኣዘኻኺሩ።

ፍርያት ናብ ተጠቀምቲ ክሰግር ዝበጽሕ ክግበር ዘለዎ ምክትታልን ክንክንን ዘብርህ መጽናዕታዊ ወረቐት፡ ንሓረስቶት ኣዝዩ ሓጋዚ ኮይኑ ከምዝረኸብዎ ዝጠቐሰት ኣባል ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ወ/ሮ ሰናይት ተስፋልደት ድማ፡ ኣብ መጻኢ - እቲ ወረቓቕቲ ንሓረስቶት ብዝርዳእ ቋንቋን ኣገባብን ተዳልዩ ክዝርጋሕ ተላብያ።

"ምስጓም ቀጻልነት ዘለዎም ስርዓታት ሕርሻን መግብን ንሃገራዊ ቁጠባዊ ዕብየት" ብዝብል ቴማ ብ20ን 21ን ነሓሰ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝተቓንዐ ብዓይነቱ ናይ ፈለማ ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕትታት ኤርትራ 2026፡ ብድምር ልዕሊ 300 ተሳተፍቲ ነይሮም።

# ኣስመራ - ቤት ትምህርቲ ደንደን፡ ንብሉጻት ተመሃሮን መምህራንን ሸሊማ

ኣብ ኣስመራ እትርከብ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ደንደን፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 'ማትሪክ' ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ካብ 3 ክሳብ 4 ምሉእ ነጥቢ ንዘመዝገቡ 103 ተመሃሮን 15 ብሉጻት መምህራንን ሸሊማ።



ስእሊ. ዮውሃንስ መብራህቱ

ትማሊ 22 ነሓሰ ኣብ ዝተገበረ ስነ-ስርዓት፡ ርእሰ-መምህር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ዳኒኤል ሃብተ፡ ንሃበርም ተመሃሮን ብሉጻት መምህራንን ምትብባዕ፡ ኣብ'ቶም ካልኦት ድርኺትን ቅዱስ ቅንኢን ብምፍጣር፡ ኣብ ዕቤት ትምህርቲ ልዑል ተራ ከምዘለዎ ገሊጹ።

ብሉጽ ነጥቢ ናይ ዘመዝገቡ ተመሃሮ ቁጽሪ ዓመታዊ እናወሰኸ ይመጽእ ምህላዉ ብምጥቃስ፡ ናይ 38 ዙርያ ምስ ናይ 37 ዙርያ ብምንጽጻር ናይ 3 ሚእታዊት ዕቤት ከምዘርኣየ ኣረዲኡ።

ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ መምህር ኣስካሉ ፍስሃየ ብወገና፡ ቤት-ትምህርቲ ደንደን ኣብ ምምሕያሽ ብቕዓት ትምህርቲ ተመዝጊቡ ዘላ ዓወት ውጽኢት እትገብሮ ጻዕሪ ከምዘኾነ ብምሕባር፡ ተመሃሮ ብዝረኸብዎ ዓወት ከይተዛዙ ክሰርሑ፣ ወለዲ ድማ ደገፎም ከዛይዱ ተማሕጺና።

ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ደንደን፡ ኣብ መበል 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ካብ ዘሳተፈቶም 576 ተመሃሮ፡ እቶም 24 ምሉእ 4 ነጥቢ፡ 180 ናይ ዲግሪ፡ 77 ከኣ ናይ ዲፕሎማ ውጽኢት ከምዘመዝገቡ፡ ሰነዳታ የነጽር።

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284

## ሰገነይቲ - 'መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ' ንምትግባር ይሰራሕ ኣሎ

ኣብ ን/ዞባ ሰገነይቲ፡ 'መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ' ንምትግባር ይሰራሕ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ'ቲ ን/ዞባ ኣቶ ኢያሱ ኣሰፋው ገሊጹ።

በዚ መሰረት፡ ጉዒ-ጉዒ ኣእካል፡ ጸባ፡ ስጋን ኣሕምልትን፡ ምህርቲ መዓር፡ እንቋቑሖን ፍረታትን ንምዕባይ ይስራሕ ከምዘሎ ብምሕባር፡ መደብ ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ይገብር ምህላዉ ሓቢሩ።

ክኢላታት ሕርሻ በብሞያኦም ተወሃሂዶም ይሰርሑ ከምዘለዉ ብምግላጽ፡ ብፍላይ ኣብ ምትእትታውን ምስፋሕን ጋብላዊ ቆፎ ንህቢ ውጽኢታዊ ስራሕ ይዕመም ከምዘሎ ኣብሪሁ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ክኢላ ልምዓት መስኖ ኣቶ ምሕረትኣብ ሃብተማርያም ብዝገብሮ ዘሎ ጻዕሪ፡ ዛጊት 100 ጋብላዊ ቆፎታት ብምስራሕ ንህቢ ኣብ ምእታው ከምዝርከብ፡ እቲ ሓበሬታ ብተወሳኺ ኣረዲኡ።

## መደብ ቴለቪዥን

### ሰንበት 23/08/2026

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:02 | ፊዮሪና |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻ |
| 11:00 | መደብ ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 13:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | መደብ ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:30 | ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕትታ ኤርትራ |
| 18:05 | መደብ ሄራር |
| 18:35 | መደብ ሙዚቃ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### (ሰኑይ)

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎው ደባይዋ |
| 15:30 | ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዳህሳስ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:26 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ቀላሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | OPEN MIC |

# ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕቲታት ኤርትራ 2026

ሪፖርታዥ

ዓንደም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

ስእሊ- ሳልሕ ዓብደልቃደር

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ "ምዕቡም ቀጻልነት ዘለዎም ስርዓታት ሕርሻን መግብን ንሃገራዊ ቀጠባዊ ዕቤት" ብዝብል ቴማ፡ ብ20ን 21ን ነሓሰ 2026፡ ኣብ ኣስመራ - ኣዳራሽ ሃሰሴ፡ ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕቲታት ኤርትራ ኣቃኒዑ።

ሚኒስተራትን ላዕለዎት ሰበ ስልጣን መንግስቲ፡ ተመራመርቲ፡ ኣካደሚካውያንን፣ ወከልቲ ሃገራውያንን ኣህጉራውያንን ውድባት፣ መሻርኽቲ፡ ሞያተኛታት ሕርሻን፣ ወከልቲ ብሕታዊ ዓውዲታትን ዕዱማትን ኣብ ዝተረኽብሉ፥ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ቃል ብኣቦ-መንበር ሸማግለ ዋዕላ - ኣብ ክፍሊ ሃገራዊ ሕጋጋትን ቁጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ዳይረክተር ሃገራዊ ላቦራቶሪ እንስሳን ብቑልን ዶክተር ኤፍሬም ገብረመስቀል ቀሪቡ።

ዶ/ር ኤፍሬም ኣብ መግለጺኡ፥ ንኹሎም ተሳተፍቲ፡ ኣቕረብቲ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲን ሞያውያንን ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕቲታት ኤርትራ 2026 - መጽናዕቲታት ባይታ ምኽፋት፡ መጽናዕታዊ ርኽበታት ንምፍጣር፣ ህልው ሕርሻዊ ብድሆታትን ዕድላትን ንምምርማር፣ ኣብ ምህዞኣዊ ኣገባባትን ሜላታትን ንምምይያጥ፣ ከምኡ'ውን ዝላቐ ዕቤት ጸላት ሕርሻ ኤርትራ ዝሕግዝ ግብራዊ ኣንፈታት ንምልላይ ዝዓለመ ምዃኑ ጠቒሱ፥ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣቐዲሙ ዝርኣ. ድንሽ ኣመልኪቱ ኣብ 2022፣ ንህርያዊ ድኹዒ ዝምልከት ድማ ኣብ መጀመርታ 2023፡ እንደገና፡ "ሓያል ጻዕሪ፡ ንምርግጋጽ ብቑዕን ውሑስን ቀረብ ዘርኢ ስርናይን ዕፉንን" ብዝብል ቴማ፡ ኣብ መስከረም 2023 ተመሳሳሊ ዋዕላታት ኣካይዱ ምንባሩ ብምዝኽኻር፡ ከም መቐጸልታ ናይቲ በብእዋኑ ኣብ ሕርሻ ትኹረት ዝገበረ ከካይዶ ዝጸንሐ ዋዕላታት፡ እዚ ናይ ለሚ ዓመት ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕቲታት ኤርትራ ከውድብ ከም ዝኸለ ኣረዲኡ።

ዶ/ር ኤፍሬም ኣስዒቡ፡ "ምዕቡልን ዘላቒን ስርዓት ሕርሻ-መግቢ ንቀጠባዊ ዕቤት ኤርትራ" ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ዝተሰናደአ ሃገራዊ ዋዕላ መጽናዕቲ ሕርሻታት ኤርትራ ብዘይካ'ዚ፥ ንተመራመርቲ፡ ሞያተኛታት ሕርሻ፡ ሓንጸጽቲ ፖሊሲ፡ ሓረስቶት፡ ወከልቲ ብሕታዊ ዓውዲታት፡ መሻርኽቲ ልምዓት ኣካላት ሕብረተሰብን ብሓደ ጠርኒፉ፥ ዝተረኽበ ውጽኢት መጽናዕቲ ሓድሕድ ምልውዋጥ፡ ሃሰይቲ ወይ ሓደገኛታት ኣብ ዝበዝሑ ኣገባባት ዘተ ብምኽያድ፣ ኣብ መውጽኢታ ኸኣ፡ ዘላቒ መፍትሒ ረኺቡ፥ ሕርሻዊ ዓውዲ ኤርትራ ግብራዊ ኣንፈታት ክሕዝ፥ ከምዚ ዓይነት ሃገራዊ ዋዕላ ምኽያድ ኣገዳሲ ምዃኑ፥ እንተኾነ ትርጉም ዘለዎ ሕርሻዊ ምዕባለ ክህሉ ሓብራዊ ርድኢት ናይ ኩሉ ሰለዝሓላትት እዚ ንምንጻር እቲ ዋዕላ ክተዩድ ከምእተወሰነ ኣነጺሩ።

ብመሰረት መግለጺ ዶ/ር ኤፍሬም፡ ልዕሊ 75 ሚእታዊት ካብ ሕብረተሰብና መነብሮኡ ኣብ ሕርሻን ምስ ሕርሻዊ



ሚኒስተር ኣረፋይነ በርሀ

ንጥፈታት ኣብ ዝዘመድ ንጥፈታት'ዩ ዝምርኮስ፡ እዚ ንጥፈታት ከምቲ ዝድለ ከምዝይማዕበለን ንምምዕባሉ ብዙሕ ጻዕሪ ዝሓትትን እዩ፡ ካብዚ ብምብጋስ፡ ኣብቲ ዋዕላ ዝቐረቡ መጽናዕታውያን ወረቓቕቲ፡ እንጸበዮ መብርሂ ካብ ኣቕረብቶም ጥራይ




ዶ/ር ኤፍሬም ገብረመስቀል

ዘይኮነ ኩሎም ኣብ ሕርሻ ተዋሳእቲ ወይ ምስ ሕርሻ ዝምድና ኮነ ርክብ ኣለዎም ዝበሃሉ ኣካላትን ትካላትን ንኣብነት፡ ምርምራዊ ዕማማት ዘካይዱ፣ ኣካዳሚያውያን መሻርኽቲ ኮይኖም ኣብ ንጥፈታት ሕርሻ ዝዋስኡ፣ ኣብ ሓደ ጥሙር ንጥፈታት ውሳነ ንኸምዚ ዝበለ ውሳነ ክወሃቡ ዝሕግዙ ሓንጸጽቲ ፖሊሲ...ዝኣቶም ካልኦትን ግዱሳት ክኢላታትን ኣብ ሓደ ዓውዲ ኣቕራቢካ ኑቲ ዝቐረበ ወረቓቕቲ ከም ማብገሲ ብምግባር ምዝታይ ኣድላዩነቱ ዕዙዝ እዩ፡ "እንታይ እንተተገብረ ይሓይሽ" ንዝብል፡ ካብ ተሳተፍቲ ናይቲ ዋዕላ ዝቐርብ ሓሳባትን ርእይቶታትን ወሲኽካ ኩሉ ሰብ ክዋሳኣሉ እሞ፡ ብድሆታት ብምልላይ፡ መፍትሒ ምርካብ ከምዝከኣል'ዩ ዶ/ር ኤፍሬም ኣረዲኡ።

ምንጪ ማብገሲ ሓሳብ ናይዚ ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕቲታት ኤርትራ፥ ኣብ ጥሪ 2025 ዝተቓነየ ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕቲታት ኤርትራ ምዃኑ ዝጠቐሰ ንሚኒስተር ኣረፋይነ ወኪሉ ቃል ዘሰምዐ ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን እዩ።

ኣቶ ተኽለኣብ፡ እቲ ዋዕላ ብዓወትን ብቐዓትን ንምድላው ንዝሓለፈ ዓመትን ፈረቓን ልዑል ጻዕሪ ዝኮየደት ኣሰናዳኢት ኮሚተን መጽናዕታዊ ጽሑፋቶም ዝቐረቡ ኣካላትን ምስጋናኡ ድሕሪ ምግላጹ፡ ታሪኽ ኤርትራ ምስ መሬት እተኣሳሰረ፥ ሕርሻ ድማ ንሓያሎ ወለዶታት መሰረት ህይወትን ቀጠባን ሕብረተሰብና ኮይኑ ምጽንሑ፥ እንተኾነ፡ ንህሉው ኣሰራርሓታት ጥራይ ምዕቃብ፡ ኑቲ ብቐልጢፍን ብናህሪን ዝለዋወጥ ዘሎ ዓለም (ለውጢ ኣየር፡ ወሰኽ ህዝቢ፡ ዘይርጉእ ቀጠባን



ከበቢ) ንምግጣሙ እኹል ከምዘይኮነ ገሊጹ፡ ካብዚ ብምብጋስ ከኣ፡ "ምዕቡም ቀጻልነት ዘለዎም ስርዓታት ሕርሻን መግብን ንሃገራዊ ቀጠባዊ ዕቤት" ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ዝተዳለወ ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕቲታት ኤርትራ 2026፡ ይምልከቶም ምስ ዝበሃሉ ተመክሮታት ንምልውዋጥን ካብ ዝሓለፈ ተማሂርካ ሕርሻዊ ምዕባለ ንምስፋሕን ግደኡ ዕዙዝ ምዃኑ ኣብሪሁ፡ ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ንዝተዮዱ ዘለዉ መጽናዕቲታት፡ ሓደስቲ ፈጠራታትን ስትራተጂያውያን ስጉምትን ብምቕራብ፡ ዝሃም ዓበይቲ ዕላማታት ንምብጻሕ ከምዚ ዓይነት ኣጋጣሚ፡ ኣብ ቀጠባዊ ዕበየትናን ምዕባለናን ዘላቒ ስርዓት ሕርሻ - መግቢ ንምፍጣር ዝሕግዝ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ቴማ፡ ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕቲታት ኤርትራ፥ ዘላቒን ውሑስን ምዕባለ፡ ፍርያትን ኣፍራይነትን ምውሳኽ ጥራይ ዘይኮነ፡ ድሌታት ህልዊ እናኣማልአ፡ ሃብቲ ተፈጥሮ ንዘቐጽሉ ወለዶታት ብምዕቃብ፡ ተጻዋርነትን ፍርያምነትን ዘለዎ ስርዓት ሕርሻ ምዕቡም ምዃኑ ሓቢሩ፡ "ዘላቒ ሕርሻ-መግቢ"፡ ምስ ኣየር ዝሰማምዕ ቴክኖሎጂ፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምብዛሕ ልዑል እቶት ዝህቡ ኣዝርእትን ምርባሕ ዘመናዊ እንስሳን ዝተዋደደ ጻዕሪ ዝሓትት ዕማም ምዃኑ ጠቒሱ ድማ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ነዚ'ኦም ንምስጋር ኩሉ ጻዕርታት ይገብር ምህላዉ ኣረዲኡ። ብተወሳኺ፡ ንህይወት ሓረስቶትና ካብኡ ናብኡ ኸኣ፡ ንንኣሽቱ ሓረስቶት ቀዳምነት ሂቡ፡ ብቐጥታ ካብ ዝለዓለ ፍርያት ተጠቀምቲ ንምግባርም ዘኽእል ምዃኑ ኣዚሩ።

ኣብቲ ንኽልተ መዓልቲ ቀጺሉ ዝተቓነየ ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕቲታት ኤርትራ፥ ዝቐረቡ 76 መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ፡ ኣብ ሾሞንተ ዓውደ ዛዕባ ቴማታት ማለት - ሕርሻዊ ኤክስተንሽንን ትግባረን፣ ተቐባልነትን ብሓረስቶት፣ ሕርሻዊ ድጅታል፣ ወሰኽ ክብረን ሕርሻዊ ዋጋንን፣ ድሕነት፡ ውሕስነትን መኣዛን መግቢ፣ ሕርሻውዊ ባዮቴክኖሎጂን ኣገልግሎት ላቦራቶሪን፣ ክሊማዊ ለውጢ፡ ምብዓህን ምምካትን፣ ተወርሶኣዊ ጺጋታትን ዕቃብ ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነትን) ዝብሉ ቀሪቦም።

ንዝርዝራቶም ዝምልከት ድማ፡ ፈተነ ዓሌታት ዘርኢ ሰምሰም ንምስሳን ምህርትን ናይ ልምዓት ዕድላትን ኣብ ዞባ ዓንሰባ፤ ገምጋም ዝተፈላለየ ዓቐን ባህርያዊ ፈሳሲ ድኹዒ (ውጽኢት ዓሳን ጸህያይ ባሕርን) ኣብ ዕቤትን ምህርትን ምሩጽ ዘርኢ ሰገም፡ ኣብ ቦታ ምርምር ባህርያዊ ሕርሻ ኣብ ኣኽርያ፤ ደረጃታት ድሕረ ምእካብ ምህርትን ኣገባብ ሙብሰልን ባናና፤ ስርዓት ትሕዝቶ መሬትን ተራኡ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓትን፥ መጽናዕቲ ዓድታት ጉሪታትን ሓየሎን ኣብ ንእስ ዞባ ሰረጀቓ ይርከቡዎም። ብተወሳኺ፡ ምኽታት ድያስፖራ ኣብ ኣግሮ-ንዱስትሪያዊ ሰጎጎር፡ መጻኢ ዕማም ኤርትራ ከምኡ'ውን ወሀደት



ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና

ፍርያት ዘላቒ ጸዓትን ክሊማ ቀደው ሕርሻ ዝብል እውን ተዘትዩሉ።

ሱዳን ምዝሓጥን ብቑሊ ኣብ ኤርትራ፥ ምእካብ ዘንዳም ጥረታት፡ ዓይነት ጀነቲካዊ ጺጋታት ተኽሊ ኣብ 4 ሕርሻዊ ኢኮሎጂካዊ ዞና፡ ገምጋም ልምድን ትግባረን ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ፡ ጽልዋ፡ ምጣኑ ምትሕውዋስ ቁጽልን ዓኣርን ናይ ምቁር ድንሽ፡ ከምኡ'ውን ንውሓት ግዜ ምዕባዮብ ኣብ ብቕዓት ሳይለጅ (ዕበዮብ መግቢ) ምቁር ድንሽ፡ ጽልዋ ወቕታውን ከባቢኣውን ፍልልያት ኣብ ምህርቲ ድንሽ፡ ዓይነታት በለስ፡ ጽልዋ ባህርያዊ ድኹዒ ኮምፖስት ኣብ ደጋዊ ቀመማዊ ጠባይ ሓመድን ገምጋም ጠባያትን ምህርትን ዓሌታት ስርናይ፥ ውሕስነትን ዕበየትን ካብ ኣእካል፡ ጥረታትን ቀመማትን ዝተዳለወ ተወሳኺ መግቢ ወዘተ ዝብሉ ይርከብዎም። እዚ ዝድርዕ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዝቐረበ ወረቐት፡ ሕቶታት ቀሪቦምን ሰፊሕ ክትዓትን ዓሚቑ ዘተን ተኻይደሎም። ንቴማ እቲ ዋዕላ ዝድርዓ ብተሳተፍቲ ጸቡቕ ተቐባልነት ዝረኸባ ሓጸርቲ ቪድዮታት እውን ቀሪበን።


ምዕቡል ቴክኖሎጂ ዝተሓወሶ ውሕሉል ኣገባብ ማሕረስ እቶትን እቶታውነትን ኣብ ምኽዕባት ልዑል ግደ ከምዝህልዎ ኣየማትእን፡ ብዘመናዊ ቴክኖሎጂ ዝተደገፈ ኣገባብ ማሕረስ ንሓረስቶት ሃገርና ዕዉታት ኮይኖም ንኽወጽኡ ወሳኒ ጥራይ ዘይኮነ ተኻፊልቲ ናይ ዝምዕበሉ ዘለዉ ሓደስቲ ምህዞታትን ኣገደስቲ መሳርሒታት ሕርሻን ክኹኑ መድረኽ ዝጠልቦ እውን እዩ። በዚ መገዲ'ዚ፡ መጻኢ መደባት ሕርሻ ሃገርና ንምዕባይ፡ ምትልባት ንኣሽቱ ሓረስቶት ብፍላይ ከኣ ደቂ-ኣንስትዮን መንእሰያትን ኣዝዩ ኣገዳሲ ኮይኑ፡ እዚ ብስ-ፍልጠት ምስ ዝድረዕ፡ መትከብሮ ዜጋታት ከም ዝመሓየሸ ዘጠራጥር የብሉን።

ሓረስቶት፡ ዓንዲ-ሕቖ ማሕበረ-ሰብ ሃገር እዮም። በብእዋኑ ክግበር ዝጸንሐን ዘሎን ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕቲታት ኤርትራ ኸኣ፡ እዚ ንምሕጋዝ ዝተወደበ እዩ። እቶትን እቶታውነትን ምምሕያሽ ጥራይ ዘይኮነ ቀጻልነት ዘለዎም ኣገባባት ብምኽታል፡ ንውሑስ መጻኢ እቶታውነት ናይ'ቶም ዘድልዩና ኣእካል ንብሉም ውጽኢት ሕርሻ ዝኾኑ ፍርያታት ከምኡ'ውን እንስሳታት፡ ኣከባቢያዊ ድሕነት ዘረጋግጽ ብስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ዝተደገፈ ጻዕሪ ምግባር ከም ዘድሊ ኣብቲ ዋዕላ ዝቐረቡ መጽናዕታውያን ወረቓቕቲ የረድኡ።

ሕርሻ ሃገርና ዘመናዊ መልክዕ ሒዙ ክዓቢን ክሰፍሕን ኣፍዩኑት ዘኻዕብቱ ነገራት ክተኣታተዩ የድሊ። እዚ ንምግባር ብዙሕ ጻዕሪ ከምዝሓትት ርዱእ እዩ። ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ በብእዋኑ ክካይዶም ዝጸንሐን ዘሎን ሃገራውያን መጽናዕቲታት ሕርሻ ድማ፡ ኣብዚ ዝጥቀስ ዘሎ ዛዕባ ኣብ መፍትሒ ንምርካብ ወሳኒ ግደ ኣለዎ።

ኣብ መዛዘሚ ናይቲ 20ን 21ን ነሓሰ 2026 ንኽልተ መዓልቲ ብዙተን ክትዓትን ኣብ ሰለስተ ኣዳራሻት ሃሰሴ ዝተቓነየ ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕቲታት ኤርትራ 2026፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ኣብ ዘሰምዖ ሓጺር ናይ መዕጸዊ ቃል፡ ንወደብቲ ናይቲ ዋዕላ ድሕሪ ምምስጋን ንዕዙዝነት ናይቲ ዋዕላ ድሕሪ ምብራህን፡ ንመንእሰያት ኣቕረብቲ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ብሓፈሻ፡ ንደቀንስትዮ ድማ ብፍላይ ምስጋናኡ ገሊጹ። ኣስዒቡ፡ ተጀሚሩ ዘሎ ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕቲታት ኤርትራ፥ ደው ብዘይብል መልክዑን ብዝሰፍሐ መዳዩን ክቕጽል ምዃኑ ብምምልካት፡ ገለ ካብቶም ኣብዚ ዝቖጸ ዋዕላ ዝቐረቡ'ሞ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ክትግብሮም ዝኽእል መጽናዕቲታት፡ ወረቐት ምዃን ሓሊፉ ኣብ ባይታ ንምትርጓሞም ብትኹረት ክሰርሓሉ ምዃኑ፥ ኣብ ባይታ ዘምጽኦ ውጽኢት ኸኣ፡ ኣብቲ ዝቕጽል ዝካየድ ተመሳሳሊ ዋዕላ ንግብራውነቶም ክሕበር ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ኣብ መውዳእታ፡ ኣቕረብቲ መጽናዕታውያን ወረቓቕቲ ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕቲታት ኤርትራ 2026፡ ብጥርኑፍ ናብ መደበር መርኣያ ባህርያዊ ሕርሻ ኣኽርያ ተጓዒዞም፡ ዑደት ኣካዪዶምን በጠዝምልከቶም ክኢላታት ዕማም ሕርሻ ናይቲ ቦታን ድማ መብርሂ ተዋሂብዎምን።



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር

5ይ ክፋል

**ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት ካብ ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር ሓደ ዝኾነ ክፍሊ ቍጠባን ኣብ ትሕቲኡ ዝመሓደር ዝነበረ ኮሚሽናት ሕርሻ፡ ህንጻ፡ ፋይናንስን መፍረ መድሃኒትን ርኢና። ኣብዚ ናይ ሎሚ ድማ፡ ብዛዕባ ክልተ ኮሚሽናት ክንርኢ ኢና። ኮሚሽናት መጓዓዝያን ምስናዕን፦**

### 1. ኮሚሽን መጕዓዝያ

ህዝባዊ ሓይልታት ኣብቲ ደባይ ኲናት ዘካይደሉ ዝነበረ ፈለማ መድረኽ ቃልሲ፡ ተጋደልቱ ዝረገጹዎ መሬት እኳ ንኸይፍለጥ ኣሰር ሽዳ እናኣመሳሰሉ'ዮም ዝጕዓዙ ዝነበሩ። እዚ መድረኽ'ዚ ተሰጊሩ፡ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ኣብ ሳሕል ጽኑዕ ደጀን ድሕሪ ምምስራቱ፡ ከምኡ'ውን ብዓቕሚ ሰብን ንዋትን እናዓበየ ድሕሪ ምምጽኡ ግን ምምዕባል መጕዓዝያ ኣገዳሲ ኣድላዪ ነበረ። ንምዕባለ መጕዓዝያ ወሳኒ ባይታ ድማ፡ ህንጻት ጽርግያታት እዩ። ከምቲ ኣቐድም ኣቢሉ ዝተገልጸ፡ ድሕሪ 1975 ካብ ናብ ሳሕልን ሱዳንን ከምኡ'ውን፡ ካብ ሳሕል ናብ ሰሜናዊ-ባሕሪ ዘራኽብ ጽርግያታት ሳላ ዝተሃንጸ፡ እተን ህዝባዊ ሰራዊት ፈለማ ኣብ ውግእ ዝሰለበን ሰለስተ መካይን፡ በዚ ጽርግያታት'ዚ ንብረት ከመላልሳ ጀመራ።

መሰረት ምዕባለ መጕዓዝያ ህዝባዊ ግንባር እምበኣር፡ እቲ ካብ ጸላኢ ዝሰለብ ዝነበረ ንብረት እዩ። ኣብቲ ፈለማ መድረኽ፡ ብዙሒ መካይንን ጠለብን ዘመጣጠን ስለ ዘይነበረ፡ ምንቅስቓስ ናይ ሰራዊት ብእግሪ'ዩ ዝነበረ። ስንቂ ኣብ ምምልላስ'ውን፡ መጽዓኛ ልዑል ግደ ነበሮ። በብቑሩብ ግን፡ ካብ ጸላኢ ዝሰለባ መካይንን ንብረትን እናበዝሐ ስለ ዝኸደ፡ ንጥፈታት መጕዓዝያ ህዝባዊ ግንባር እናሰፍሐ ክኸይድ ጀመረ።

ምስ ምምዕባል መጕዓዝያ ዝመጽእ ብድሆታት ግን ኣሎ። ቅያር ኣቝሑ፡ ነዳዲ-ዘይቲ፡ ጋራጅ ወዘተ ምቕራብ የድሊ። በዚ ድማ፡ ምምዕባልን ምስፋሕን ጋራጃትን ኣብያተ ዕዮን ቀዳምነት ተዋሂቦም። ኣባላት ጋራጅ ናብ ውሽጢ መስመር ጸላኢ ከይተረፈ እናኣተዉ፡ ደው ዝበላን ዝተቓጸላን ራታመታት ተሸከርቲ ከም ሲጋ እናጕዛዘዩ፡ ንጥፈታት ጋራጅ ኣብጋጊሶሞ። በብቑሩብ ከኣ፡ ናይ ሰንዓን ጽገናን ዓቕሚ ክዓቢ ከኣለ። ተሽከርከርቲ እናበዝሓ ብዝኸዳ ድማ፡ ሰራዊትን ንብረትን ናይ ምግዕዓዝ ዓቕሚ ኣገዳሲ ኩብ በለ።

ምስ ምብዛሕ ተሽከርከርትን ንጡፍ ምንቅስቓሳተንን፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ቀዋሚ፡ ተንቀሳቐስቲ ጋራጃት፡ ማእከላት ምውፋር ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ተመስሪተ። ህንጻት ናይ ነዳዲ ዲፖታቱን ናይ ዕደላ ማእከላትን'ውን ማዕበለ። ኣብያተ-ዕዮ ብምኽፋት'ውን፡ ብተደጋጋሚ ዝጥሉብ ሃለኽቲ ነገራት (ጎማ፡ ባተሪ ዝኣመሰለ) ብውሽጣዊ ዓቕሚ ንምምላእ ጻዕርታትን ፈተነታትን የካይድ ነበረ።


ቅድሚ ምዝላቕ ሓያለ ገጠራትን ከተማታትን ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ግንባር ምስ ኣተዉ፡ ህዝባዊ መጕዓዝያ ንምብርባር ዝተፈላለዩ መስመራት ተኸፊቱ ነይሩ እዩ። ድሕሪ ምዝላቕ ግን፡ ክቕጽል ኣይከኣለን። እቲ ውድብ ናብ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ተሰጊሩ ሰፊሕ ቦታታት ኣብ ዝተቘጻጸረሉ ከኣ፡ እንደገና ህዝባዊ መጕዓዝያ ተበራቢሩ፡ ህዝቢ ሓራ መሬት ምጡን ኣገልግሎት ዝረኽበሉ ኩነታት ተፈጥረ።

ሰውራ ኤርትራ ካብ 1960ታት ጀሚሩ ዕጥቅን ስንቅን ብባሕሪ የጓዕዝ ነይሩ እዩ። ከም መቐጸልታ ናይዚ ከኣ፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ 1979 ንመጕዓዝያ ባሕሪ ብደረጃ ጨንፈር ብምቛም፡ ንጥፈታቱ ከም ዝሕይል ብምግባር፡ ካብን ናብን ብባሕሪ ዝራኸብ ሓራን ሓውሲ-ሓራን ቦታታት ተጋደልቲ ከምኡ'ውን ስንቂ፡ መድሃኒት፡ ነዳዲን ካልእን የጓዕዝ ነበረ።

### 2. ኮሚሽን ምስናዕ (ኢደ-ስርሓት)

ህ.ግ. ኣብ ዕለታዊ ህይወት ተጋደልቲ ዘድልዮ ጠለባት ንምምላእ፡ ኣብ 1974 ብውሑድ ዓቕሚ-ሰብን ትሑት መሳርሒታትን ጨንፈር "ኢደ-ስርሓት" (ብልምዲ እንዳ ራሕባ) ኣቘመ። እዚ ጨንፈር'ዚ ቡብመድረኹ፡ ዓቕሙን ኣውዳድባኡን እናዓበየ ክመጽእ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ 1984 ኮሚሽን ምስናዕ ተባሂሉ ዳግም ተወደበ። እዚ ኮሚሽን'ዚ ኣደ ናይ ዝተፈላለዩ ኣሃዱታት እዩ። ኣብቲ ፈለማ መድረኽ ከም ጽገና ብረት፡ ሬድዮ፡ ሰዓትን ቴለፎንን ገለ ካብ'ቶም በዚ ኣካል'ዚ ዝካየዱ ዝነበሩ ስርሓት እዮም። ዓቕሙ እናዓበየ ምስ ከደ ድማ፡ ንኣሽቱ ፋብሪካታት (Cottage industry)ን ኣብያተ-ዕዮን ከቕውም ጀመረ። ኣብ ህንጻ ይኹን ዘቤታዊ ኣገልግሎታት ዘውዕል ስርሓት ሓጺንን ዕንጸይትን፡ ኣብ ዕጥቅን ካልእ መዓላን ዘውዕል ውጽኢት ቀርበት፡ ሽዱ፡ ፕላስቲክን መትሓዚ ኣፋውስ ጀሪካንን ዘፍሪ ፋብሪካ ፕላስቲክ፡ ከም መንዲል ንጽህናን ሳሙናን ዘፍሪ ፋብሪካ፡ ጽሬት፡ መኣዛዊ መግቢ ንህጻናት (DMK)ን ፓስታን ዘፍሪ ፋብሪካ መግቢ፡ ንሬድዮን ላምፓዲናታትን ዝኸውን AA ባተሪ ዘፍሪ ፋብሪካ፡ መፍረ መድሃኒት ወዘተ፡ ኣብ ትሕቲ'ዚ ኮሚሽን ኩይነን ፍርያተን ዘቕርባ ዝነበራ እየን። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ መደበራት ኤለክትሪክ ምምስራትን መስመራት ምዝርጋሕ'ውን፡ ናይዚ ኮሚሽን ዕማም ነበረ።

ይቕጽል...



ተጋዳላይ ብሳላተን ካብ ጸላእቱ ዝመንዘዐን መካይን ካብ ጕዕዞ ብእግሪ እንክገላገል



ህዝባዊ መጕዓዝያ 1977 - 1978 ከረን



ካብ ፋብሪካታት ሰውራ

## ካብ ሰነዳት ስእልታትና

### ብመሰዋእቶም ናጽነት ወሊዶም



ስዉእ ኢሳይያስ ተወልደብርሃን (ወዲ ፍላንሳ) ምስ ስውእቲ ብዓልቲ ቤቱ ሚርያም ኣስረስ - ኣብ እዋን መርዓኦም

እዞም ንርእዮም ዘሎና ክልተ ጀጋኑ ብዓል መን ኮን ይኾኑ፧ ትብሉ ትህሉው። እዞም ክልተ ተጋደልቲ ምእንቲ ሃገርን ህዝቡን ኩብሉ ናብ ሜዳ ገድሊ ዝተሰለፉ ኮይኖም፡ ኣብኡ ዝተዛመዱን ዝተመርዓዉን ሰብ ቃል ኪዳን'ዮም። ተጋዳላይ ኢሳይያስ ተወልደብርሃን (ወዲ ፍላንሳ) ኣዛዚ ብርጌድ 58 ዝነበረን ተጋዳሊት ሚርያም ኣስረስን'ዮም። ተጋዳላይ ኢሳይያስ ብኣመራርሓኡን ጅግንነቱን ዝተፈልጠ፡ ኣብ ብዙሕ ውግኣት ዝተሳተፈን ዝተዓወተን'ዩ። ዝያዳ ድማ፡ እታ ልዕሊ ኹሉ ኣቓልቦ ዝሰሓበት፡ እታ ኣብ ተበግሶ ታሕሳስ 1979 ኣብ ግንባር ናቕፋ ዘላ መሐለል ታባ 'ኢትሐለብብ' ሰራዊቱ መሪሑ ብድሕሪት ብናሮ ተጠውዩ ዘጥቀዓን ዝተዓወተላን ታባ'ያ። ተጋዳሊት ሚርያም ኣስረስ'ውን፡ ኣብ መፋርቕ 70ታት ኣብ ሰውራ ምስ ተጸንበረት፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ከም መምህርን ኣላዪትን፡ ኣብ ክፍሊ ዜና ከም ጋዜጠኛን ቴክኒሻንን፡ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ድማ ከም መራሒትን ተዋጋኢትን ኮይና ብጅግንነት ዝተቓለሰት ሓርበኛ'ያ።

እቲ ዘገርም ግን እዞም ክልተ ፍቑራትን መጻመድትን ኢሳይያስን ሚርያምን፡ ኣብ ሓደ ግንባር፡ ኣብ ሓደ ዓመት፡ ኣብ ሓደ ወራር፡ 1983 ኣብ 7ይ ወራር (ስላሕታ ወራር) ተመራሪሖም ብጅግንነት ተሰዊኦም'ዮም። ሚርያም ንኣደኣ ሓንቲ'ያ። ሚርያምን ኢሳይያስን ሓደ ውላድ'ኳ እንተ ወለዱ፡ ዕድሎም ኮይኑ እቲ ውላዶም'ውን ከይጸንሐ ብሕማም'ኳ እንተ ተጎድኦም፡ ብመስዋእቶም ግን፡ ነታ ቀንዲ ዕላማኦም ዝነበረት ናጽነት ኤርትራ ወሊዶም እዮም።

## መልሲ ሕቶታት ካብ ታሪኽ ሰውራና

1. ሀ/ ካብ ሓምለ ክሳብ ነሓሰ 1978
2. ካብ 12-15 ነሓሰ 1971 ነይሩ።
3. ሐ/ ኣዶብሓ
4. ሀ/1967
5. ምጽቃጥ ዓረብን ትግርኛን፡ ምውራድ ባንዴራ ኤርትራ፡ ምቕያር ስም መንግስቲ ኤርትራ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ ሳምራዊት መለስ

## Eritrea-China Exploration and Mining Share Company

Ararib Street, House No. 37 Kebabi maekel ketema, ; Tel. +291-1-200009; Asmara, Eritrea.

VACANCY ANNOUNCEMENT

Eritrea-China Exploration and Mining Share Company (ECEM) invites qualified applicants for the following posts:

**1, Position:** Driver (Light and Heavy vehicles)

Place of Work: Augaro
Starting Date: August
Salary: As per company scale
Contract type: Indefinite period
Number required: One (1)

| | |
|---|---|
| **Position Overview** | • The Site Driver is responsible for providing safe, reliable, and efficient transport services across the Augaro mining and exploration sites |
| **Key Responsibilities** | 1, Transport & Field Operations<br>• Provide safe transportation for site staff, geologists, contractors, drill crews, and site visitors<br>• Transport core samples, geological gear, camp provisions, and hazardous materials (fuel, spare parts) following company transport protocols.<br>• Execute long-distance supply runs between the Augaro site and regional hubs or corporate offices in Asmara, Barentu, and other surrounding areas as scheduled.<br>2, Vehicle Inspection & Maintenance<br>• Safely operate 4x4 light vehicles (e.g., Toyota Hilux), medium supply trucks, or personnel buses across rough, unpaved terrain and seasonal dry riverbeds (wadis).<br>• Ensure assigned vehicles are kept clean, fueled, and mechanically sound; immediately report defects, wear, or service needed.<br>• Maintain detailed, accurate vehicle logbooks documenting journey purpose, mileage, fuel usage, and cargo manifests.<br>3, Safety, Health & Environment (HSE)<br>• Strictly observe company health and safety rules, site speed limits, seatbelt policies, and Standard Operating Procedures (SOPs).<br>• Verify that vehicles carry required safety and emergency equipment at all times (first-aid kits, fire extinguishers, spare tires, and jack. |
| **Qualifications** | • Education: Grade 10/12 completion certificate or equivalent technical/vocational training.<br>• Driver's License: Valid Eritrean Driving License (Grade 3/4 required; Grade 5 Heavy Duty License preferred).<br>• Experience: Minimum 3 to 5 years of professional driving experience, including at least 2 years in off-road/remote site operations<br>• Technical Proficiency: Demonstrated expertise operating manual 4x4 vehicles in complex, off-road terrain.<br>• Language Skills: Fluency in Tigrinya and/or Arabic (local knowledge of Gash-Barka region is highly advantageous); basic working knowledge of English to read signs, logs, and safety instructions. |
| **Personal Attributes** | • Ability to perform minor emergency repairs (changing flat tires, replacing belts/fuses, basic engine troubleshooting in remote areas).<br>• Proactive attitude toward risk reduction, defensive driving, and strict adherence to environmental/safety mandates.<br>• Ability to work extended hours in hot climatic environments and assist with manual loading/unloading of camp supplies and core samples.<br>• Strong discipline to ensure scheduled field movements and passenger transfers occur seamlessly. |

**Additional Requirement for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service Obligation and provide evidence of release paper from Ministry of Defense
- Present clearance paper from current/last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, experience credentials, copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 5 days from the day of publication in the Newspaper.
- **Address: Please mail your applications to:**

Mineral Resources Management P.O.Box- 272

- **Note to non-Eritrean applicants:**

Please send a copy of your application to Aliens Employment permit Affairs P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea.

# መዘናጊ

ማርታ'ክብሮም

## ቀቢላ ኰይሳን



ደቡብ ኣፍሪቃ ወናኒት ብዙሕ ባህልታትን ቋንቋታትን እያ። ኣብ ጥንቲ ኣትሒዞም ኣብዛ ሃገር ዝነብሩ ኰይሳን ዝበሃሉ ኣብ በረኻ ዝሰፍሩ ደቀባት ድማ ኣለውዎም። ህዝቢ ኰይሳን ሃደንቲ ኰይኖም፡ ምስ ኣከባቢኦም ተሳንዮም ዝነብሩ እዮም። ኣብ በረኻ ብዝረኽብዎም ኣትክልትን እንስሳታን ድማ መግቦም የዳልዉ። ብሳዕሪ ጌሮም ኣጉዶታት ይሰርሑ።

ኣብዚ ሕብረተሰብ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ሃድን ክነጥፉ ከለዉ፡ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ሱር፡ ፍረታት፡ ኣሕምልትን ማይን ይእክባ። ኣብዚ ሕብረተሰብ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ሃድን ብዘለዎም ፍልጠት ልዑል ክብሪ ክረኽቡ ከለዉ፡ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ልክዕ ከምኡ ኣብ ንጥፈታት ጥዕናን ምዕባይ ቈልዑን ብዘለወን ፍልጠት ሰብኡተን ከኽብሩወንን ክከናኸኑወንን ግዲ ኣለዎም።

ቀቢላ ኰይሳን ብዛዕባ ኣትክልትን እንስሳታትን ጥራይ ኣይኰነን ዓሚቝ ፍልጠት ዘለዎም። ኣብ ወርሒ ተመርኲሶም ኣንሱቶም መዓስ ወርሓዊ ጽግያት ይመጽኣንን ንውሓት ናይ ጥንሲ ግዜያትን ክፈልጡ ኣይሸገሩን እዮም።

ኣብዚ ቀቢላ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ተመርዕያ ምስ እትወልድ ልዑል ክብሪ እዩ ዝወሃባ። ኣብ ግዜ ንእስነታ ድማ ሕርሲ ከም ዘፍርሓን ከቢድን ኣቓንዛውን ዘይኮነ፡ ብትብዓትን ብዘይ ፍርሒን ክትምክቶ ከም ዘለዋ እናተማህረት እያ ትዓቢ። ስለዚ ኣብዚ ቀቢላ ደቂ ኣንስትዮ ክሓርሳ ከለዋ ብዘይ ናይ ዝኾነ ሓገዝ ንበይነን ኰይነን እየን ዝሓርሳ። ጎረቤቢተን ወይ ኣብ ዙርያአን ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ኑተን ካልኦት ቈልዑ መግቢ ብምሃብን ብምክንኻንን ይሕግዘኣን። እታ ኣደ ኣብ ግዜ ጥንሲ ከይተረፈ ኩሉ ሃሳዩ ዘይኮነ ንጥፈታት ባዕላ እያ እትዓሞ። ስለዚ እታ ኣደ እኹል መግቢ ስለ ትረክብን ምንቅስቓስ ኣካላት ስለ ተዘውትርን ጥዑይ ቈልዓ እያ ትወልድ።

ንበይንኻ ኣብ ገዛ ተዓጺኻ ቈልዓ ምውላድ ኑተን መጀመርታአን ዘወልዳ ደቂ ኣንስትዮ ኣዝዩ ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ። ስለዚ ሓንቲ ኣደ ክትወልድ ከላ፡ ዝበዝሓ መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ምእንታን ፍርሐን ክኣልያ ከመይ ኢላ ከም እትሓርስ ከይደን ክዕዘባ ይኽእላ እየን። ኣብዚ ሕብረተሰብ ወላ'ኳ ሞት ኣደ ኣብ ግዜ ወሊድ እንተ ዘይሃለወ፡ ሞት ዕሸል ድሕሪ ወሊድ ግና ብብዝሒ ይርአ እዩ። ድሕሪ ሕርሲ ንኹብሪ እታ ሓራስ ተባሂሉ ጤል ወይ በጊዕ ድሕሪ ምሕራዶም ንቀርበቱ ድማ ኑቲ ህጻን ክዳን ንክኾኖ ነታ ኣደ ይህብዋ።

ኣደታት ኰይሳን ውላደን መዓስ ክሸይን ይደሊ ስለ ዝፈልጣ ህጻን ክሸይን ከም ዝደለየ ኣብ ዝርድኣሉ ግዜ ኑቲ ቈልዓ ካብ ኑበሰን ኣርሒቐን ይሕዛኦ።

ብሓፈሻ ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ናይዚ ሕብረተሰብ፡ ካብ ግዜ ህጻንነተን ቈልዓ ምስ ወሊዳ ክገብራኦ ዘለወን ነገራት እናተማህራ ስለ ዝዓብያ፡ ኣብ ምዕባይን ምክንኻንን ቈልዓ ብዙሕ ኣይሸገራን እየን።

ኣብ ሕብረተ ሰብ ኰይሳን ውልቃውነት ቦታ የብሉን። ኩሉ ንጥፈታትን ዕማማትን ብሓባር እዩ ዝስራሕ። ቀቢላ ኰይሳን፡ ንዕላል ኣብ መጋርያ ሓዊ ክእከቡ ከለዉ ወይ ብሓንሳብ ክምገቡ ከለዉ፡ ቈልዑ ብዙሕ ሓጎስ ስለ ዝህብዎም፡ ፍቕሪን ምትሕግጋዝ ናይ ሕብረተሰቦምን ምእንታን ክመሃሩ፡ ኣይንጽልዎምን እዮም።

## ብሰንኪ ሳንኬሎ ዝተወለዐ ኲናት



ኣብ መበል 14 ዘመን ኣብ መንጎ ክልተ ኩተማታት ኢጣልያ ዝኾና ሞደናን ቦሎኛን ሓደ ኣዝዩ ኣገራሚ ኲናት ተኻይዱ ነበረ። ገለ ካብ ነበርቲ ኩተማ ሞደና ናብ ኩተማ ቦሎኛ ብምኻድ ካብ'ቲ ዒላ መገለሊ ዝነበረ ሳንኬሎ ሐዚም ከዱ። ነበርቲ ቦሎኛ፡ እቲ ሳንኬሎ ብቐልጡፍ ክምለስ ጠለብ ኣቕረቡ። እንተ ኾነ ኣብቲ ግዜ ኣመሓዳሪ ሞደና ዝነበረ ኑቲ ሳንኬሎ ክመልሶ ፍቓደኛ ኣይነበረን።

ኣብ ሓሙሻይ ዘመን ድሕሪ ውድቀት ንግስነት ሮማ፡ ብዙሓት ንኣሽቱ ኩተማታት ነናተን ንስግኑት ብምምስራት ናብ ጎረቤብተን ኩተማታት ከስፋሕፍሓ ይፍትና ነበራ። እቲ ብሰንኪ ሳንኬሎ ዝተባረዐ ኲናት ናይዘን ኩተማታት ድማ መልክዑ ቀዩሩ ቀጸለ።

ወተሃደራት ሞደና፡ ነታ ደቂ ቦሎኛ ከም ጽኑዕ ዕርዶም ዝጥቀሙላ ዝነበሩ ኩተማ ሞንተቨግልዮ ቀልጢፎም ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ኣእተውዋ። እዚ ድማ ኣብ ስርዓተ ምክልኻል ቦሎኛ ዓቢ ሃጓፍ ከም ዝፍጠር ገበረ።

ኣብ ሕዳር 1325 ወተሃደራት ክልቲኡ ወገናት ኣብ ዛፖሊኖ ኲናት ገጠሙ። ኣብ'ቲ ግዜ ጳጳስ ኢጣልያ ዝነበረ ድማ ንመራሕቲ ሞደና ካብ ኣምላኽ ከም ዝዓለዉ ብምንጋር ኮነኖም። ኣብቲ ኲናት፡ ቦሎኛ ዝበዝሐ ቁጽሪ ወተሃደራት ኣሰሊፋ እኳ እንተ ነበረት፡ ሞደና ግና ኑቶም ብሃጼይ ሮማ እተዋህቡዋ ምኩራት ወተሃደራት ሒዛ ነበረት። እቲ ኲናት ከኣ ብዓወታ ተዛዘመ። ሳንኬሎ ቦሎኛ ከኣ ብኽብሪ ኣብ ዒላኦም ንዘመናት ተንጠልጢላ ትርከብ።

## ካብ ኣደነቕቲ መዝገባት ክብረ ወሰን

1. ሰድራ ቤት ራሞስ ጎመዘ ኣብ ሎኣቲት 2000፡ 'ጨጓራት ሰድራ' ብዝብል ስም እዮም ኣብ መዝገብ ክብረ ወሰን ክሰፍሩ ክኢሎም። እታ ኣርባዕተ ኣባላት



ዝሓቑፈት ሰድራ ጎመዝ ሳሕቲ ብዝርአ ኣብ ኩሉ ክፋል ኣካላትካ ብብዝሒ ጸጉሪ ከም ዝበቁል ዝገብር ሃይፐርትሪኮሰስ ብዝበሃል ሕማም እዮም ተጠቒዖም።

2. ሓንቲ ፈረንሳዊት፡ ካብ ሓደ ህንጻ ዝነውሐ ሜትሮታት ክትዘልል ብምኽኣላ እያ ኣብ 12 ነሓሰ 2024 ስማ ኣብ መዝገብ ክብረ ወሰን ክተስፍር ክኢላ። ንሳ ብዘይ ዝኾነ ሓገዝ ካብ ሓደ በሪኽ ህንጻ 64 ሜትሮ እያ ዘሊላ።

3. ኣብ 7 ሓምለ 2012፡ "ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ደቒቕ ዝበዝሐ እንቋቝሖ ብርእሲ ዝሰበረ" ዝብል ክብረ ወሰን፡ ብስኮት ዳሚሮው ኣብ ሎስ ኣንጀለስ እዩ ተታሒዙ። ዳሚሮው ኣብ ሓንቲ ደቒቕ ብርእሱ 142 እንቋቝሖ ድሕሪ ምስባሩ እዩ ኑቲ ክብረ መዝገብ ክሕዝ በቒዑ።

4. ኣብ ከተማ ካምብሪጅ - ዓዲ እንግሊዝ፡ 867 ሰባት ኣብ ሓደ መናፈሻ ብምእካብ፡ ናይ ሓደ ሱፐርማን ዝተባህለ ተዋሳኣይ ክዳን ተኸዲኖም፡ ስሞም ኣብ መዝገብ ክብረ ወሰን ክሰፍሩ ክኢሎም።



እቲ መደብ ኣብ 27 ሓምለ 2013 ኣብ ፊስቲቫል ጻውዒት ኬንዳል ዝተኻየደ ኰይኑ ንግብረ ሰናይ ገንዘብ ንምእካብ ብዝብል ዕላማ እዩ ተኻይዱ።

5. ኒክ ስቶበርል ኑቢ ካሊፎርንያ ኰይኑ ዝነውሐ መልሓስ ብምውናኑ እዩ ክብረ ወሰን ክሕዝ ክኢሉ። ቁመት መልሓስ ኒክ 10.1 ሴንቲ ሜተር እዩ።

6. ኣብ ዓለም እቲ ዝኸበደ ሽጉርቲ 8.97 ኪሎ ግራም ዝምዘን እዩ። እቲ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝተረኽበ ሽጉርቲ ኣብ መስከረም 2023 እዩ ኣብ መዝገብ ክብረ ወሰን ሰፊሩ።

## ንፍሸኽታ

ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ኣብ ራብዓይ ደርቢ ዝርከብ ገዛኡ ኰይኑ ጸሓይ ይጽሎ ነበረ። ሓደ ለማኒ ድማ በቲ ብትሕቲ ርሻኑ ዝነበረ ጎደና ክሓልፍ ከሎ ኣንቃዕሪሩ ጠመቶ። ሃንደበት ከኣ ኢዱ ብምምልካት ናብኡ ንኽወርድ ጸውዖ። ወዮ ሃብታም፡ ኑቲ ነዊሕ ኣስካላታት ከም ማይ ብምስታይ ወረደ። ሽዑ ሃንደበት እቲ ለማኒ፡ "ፈጣሪ ይሃብካ" ክብል ንልመና ኢዱ ዘርግሓሉ። በዚ ዝሰንበደ ሃብታም ሰብኣይ፡ ብቕጽበት ሓሳብ መጽኦ እሞ ኑቲ ለማኒ፡ "ንዓ በል ስዓበኒ" በሎ። ተተሓሒዞም ኑቲ ነዊሕ ኣስካላ ብጉያ ክሳብ ዝልህልሁ ደየቡዎ። ኣብ ክፍሊ ናይ'ቲ ሃብታም ምስ በጽሑ ግን፡ እቲ ለማኒ ከምቲ ዝሓሰቦ ትኳቦ ኣይኮነን ረኺቡ። ወዮ ሃብታም ሰብኣይ፡ ገጹ ምልስ ኣቢሉ፡ "ኪድ በል ሕጂ ይርዳእካ' በሎ ይብሃል።

## ካብ ኣገረምቲ ሕግታት

- ኣብ 1968፡ ኣብ ህንዲ ኣብ ዝተገብረ ጉባኤ፡ ዝኾነ ንለማኒ ዝተከኑብ ሰብ ብዝሒ ዝህቦ ገንዘብ እንተ ወሓደ 15 ሳንቲም ክኸውን ከም ዘለዎ ዘገድድ ሕጊ ጸዲቑ።
- ኣብ ፓኪስታን ኣብ መሬት ኮፍ ኢልካ ጻዕዳ እግርኻ ንሰብ ምርኣይ ብሕጊ የቕጽዕ።
- ኣብ ቱርኪ ካብ 16 ክሳብ 17 ክፍለ ዘመን ዝኾነ ቡን ክሰቲ ዝተረኽበ ሰብ፡ ናይ ሞት መቕጻዕቲ ይብየነሉ ነበረ።
- ኣብ ክፍለ-ሃገር ኣሪዞና- ኣመሪካ፡ ሃድን ገመል ሕጋዊ ኣይኮነን። እቲ ዘገርም ኣብ'ታ ክፍለ ሃገር ገመል ዝበሃል'ውን የለን።
- ኣብ ናይ ቀደም ሕጊ በሊንግሃም - ዋሽንግተን፡ ሓንቲ ጓለንስተይቲ እናሳዕሰዐት ከላ ልዕሊ ሰለስተ ስጉሚ ንድሕሪት ክትከይድ ፍቑድ ኣይነበረን።

